# ስርዓተ ኣምልኮ ተዋህዶ ቤተክርስትያን

ታሕሳስ 3ይ ሰንበት (ግእዝ)

ናይ ዕለቱ ምንባባት ወንጌልን ምስባክን (ዘመነ ስብከት፣ ካብ ታሕሳስ 7 - ታሕሳስ 26 ግእዝ)

1ይ ዲያቆን:- እብ 1፣1-14 (Hebrews)
2ይ ንፍቅ ዲያቆን:- 2ይ ጴጥ 3:1-10 (2nd Peter)
2ይ ካህን:- ግብ 3:17- 26 (Acts)
1ይ ካህን:- ዮሃ 1:44 - 51 (John)

**ቅዳሴ፡- ኣትናቴዎስ**
***ያሬዳዊ መዝሙር፡-*** *ወልዶ መድኅነ ንሰብክ (መድሓኒ ክርስቶስ ንሰብኽ)*
***መዝሙር ዳዊት፡-*** *ኣእዳውካ ካብ ላዕሊ ዘርግሕ፣ ካብ ብርቱዕ ማያት፣ ካብ ኢድ ጓና ኣናግፈኒ።መዝ 144፡7*

***መዝሙር ዳዊት፡-*** *ፈኑ እዴከ እምኣርያም፣ ኣድኅነነ ወባልኃነ እማይ ብዙሕ፣ ወእምእዴሆሙ ለደቂቀ ነኪር።*" Reach down your hand from on high; deliver me and rescue me from the mighty waters, from the hands of foreigners." Psalms 144:7.

## *መድሓኒ ክርስቶስ ንሰብኽ፣ (ወልዶ መድኅነ ንሰብክ)*

እዚ ዕለት'ዚ ስብከት ይበሃል። ኣብዚ ዕለት'ዚ፣ ብሙሴ፣ ብነብያትን መዝሙራትን ኣቐዲሙ ክርስቶስ ስጋ ከምዝለብስ፣ ብትንቢት ተነጊሩ፣ ምሳሌ ተዋሂቡ፣ ሱባኤ ተኣውጁ ምንባሩ ይስበኽ። ነቢያት ስለ ክርስቶስ ኣቐዲሞም ከምዝተነበዩን ዝሰበኹን ንምእማት ብሓደ ወገን፣ ቤተ ክርስትያን ንክርስቶስ ከምእትሰብክ ንምምሃር በቲ ካልእ: እዚ ዕለት'ዚ ስብከት ተባሂሉ።

መድሓኒ ክርስቶስ ብሙሴ፣ ብነብያትን መዝሙራትን ኣቐዲሙ ተሰቢኹ እዩ። ንኣብነት ኢሳይያስ (7፣14፣ ማቴ 1፣23) መድሓኒ ክርስቶስ ካብ ድንግል ከምዝውለድ ሰቢኹ። ሚክያስ ብወገኑ ኣብ ቤተ ልሄም ከምዝውለድ ሰቢኹ (ሚክ 5፣2።ማቴ 2፣5)። ነቢይ ሆሴእ'ውን ነቲ ቀዳማይ ኣዳም ናብ ክብሩ ንምምላስ ከምዝውለድን ናብ ግብጺ ከምዝስደድን ተነበዩ (ሆሴእ 11፣1።ማቴ 2፣14)። ህዝብታት ብኢየሱስ ክርስቶስ ብርሃን ከምዝርእዩ ድማ እቲ ብመጋዝ ዝተመገዘ ነቢይ ሰበኽ (ኢሳ 9፣1-2።ማቴ4፣16)። ነቲ ብዝተቐጥቀጠ ሻምብቆን ብዝተክኽ ጥዋፍን ዝምሰል ህይወት ደቂ ሰባት ድማ ከምዘየጥፍኦ ሰበኽ (ኢሳ 42፣1-4። ማቴ 12፣18)። ከምኡውን ስለቲ ክርስቶስ ዘስተምህሮ ወንጌልን ህዝቢ ከምዝቕበሎን ሰበኽ (ኢሳ 6፣9-10; ኢሳ 29፣13። ማቴ 13፣14; 15፣8-9)። ትምህርቲ ክርስቶስ ብምሳሌ ከምዝስበኽ ኣብ ትንቢት ነቢያት ኣይተረሰዐን (መዝ 78፣2።ማቴ 13፣34-35)። ስለ ሆሳእና ክርስቶስን (ዘካ 9፣9። ማቴ 21፣5)፣ ብፈሪሳውያን ከምዝንዓቕ ግን ከኣ እምኒ ማዕዝን ምዃኑ ኣቐዲሙ ብትንቢት ተነጊሩ (መዝ 118፣23-25። ኢሳ፣ 8.1። ዳን 2፣3-35። ማቴ 21፣42)። እቲ ዝውለድ ኣምላኽ ዳዊት ተባሂሉ ከምዝጽዋዕ (መዝ 110፣1። ማቴ 22፣44)። ብሳላሳ ብሩር ከምዝሸየጥ (ኤር 7፣6። ዘካ 11፣1። ማቴ 27፣9) ፣ ንድኻታት ወንጌል ክሰብኽ፣ ንእሱራት ክፈትሕ፣ ኣዒንቲ ዕዉራት ክኸፍት፡ንስቡራት ልቢ ክዝንን፣ ንምሩኻት ሓርነት ከምዝሰብከሎም ተሰቢኹ (ኢሳ 61፣1-2። ሉቃ 4፣17-21)። ኣብ ጉባኤ ብዝተፈርዶ ፍርዲ እግሩን ኣእዳዉን ኣብ መስቀል ከምዝሸንከር፣ መሪር ሓሞት ከምዘስትይዎ፣ ክዳኑ ድማ ዓቀይቶት ከምዝካፈልዎ ተሰቢኹ (መዝ 22፣1-24። ዮሃ 19፣23-24፤ 29-30። መከራ ከምዝጸግብ፣ መቓብሩ ድማ ምስቶም ክፉኣት ከምዝኸውን እቲ ነቢይ ሰበኽ (ኢሳ 43፣1-12።1ይ ጴጥ 2፣21-25)። ካብ ሞት ከምዝትንስእ (መዝ 78፣76። ማቴ 28)፣ ናብ ላዕሊ ከምዝዓርግ (መዝ 47፣5። ማር 16፣16-18)፣ ዳግማይ ተመሊሱ ከምዝመጽእን ነቢያት ብሰፊሕ ሰቢኾም እዮም።

ኣብ ላዕሊ ከምዝርኣናዮ፣ ነቢያት ንመድሓኒ ክርስቶስ ብብዙሕ መገዲ ከምዝሰበኽዎ ተማሂርና። ኣምላኽ ቀደም ብነቢያት ገይሩ ነቦታትና፣ ሕጂ ኣብ መወዳእታ ዘመን ድማ ንዓና ከምዝተጋህደልና ኣብ መልእክቲ እብራውያን ብሰፊሑ ተጻሒፉ ኣሎ። እዚ ኩሎ ድማ ክርስቶስ ኣብ ልዕሊ ህዝቡ ንዝኣወጆ ድሕነት ዘነጽር እዩ።

ክቡር ኣንባቢ፣ ኢየሱስ ክርስቶስ ብነቢያት ከምዝተሰብከ ኣንቢብካ ኣለኻ።ንዓኻከ ሎሚ መን እዩ ዝሰብከልካ? ንስኻኸ ንክርስቶስዶ ወይስ ንመን ትሰብኽ? ሃዋርያ ጳውሎስ "ንሕናስ ነቲ ዝተሰቕለ ክርስቶስ ኢና ንሰብኽ" ይብል። እወ፣ ሓቂ እዩ በዘይካኡ መድሓኒ ስለዘየሎ፡ ወንጌል ምስባኽ ዘየሐፍር ተልእኮ እዩ። ክቡር ኣንባቢ፣ ንስኻውን ወንጌል ክትሰብኽ፣ ምስ ኣሕዋትካ ክትካፈሎ ዝግባእ ናይ ህይወትካ ምንጪ ሓጎስ ወንጌለ-ክርስቶስ እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ዝኾነ እዋን፣ ብድኽነት ኮነ ብሃብቲ ንክርስቶስ ክንሰብኽ ይምዕደና።
ስለዚ፣ ነቲ ሰለ ሓጢኣትና ዝሞተን ዘድሓነናን ክርስቶስ ክንሰብኽ ይግብኣና (1ይ ጢሞ 4፣2-5።ሮሜ 1፣ 15-17። 2ይ ቆሮ 4፣5-6)።
ክብሪ ንእግዚኣብሄር ይኹን። ኣሜን።

ትርጉም፡ ክፍሊ ስነ-ጽሑፍ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ፣ ን/ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ።
ብፍቓድ ደራሲ መም. ልዑለቃል ኣካሉ።